# <u>ማዕቀብ ብበደልቲ መዋእሉ ንክብደል ዝጸንሐ ህዝቢ ኤርትራ</u>

ብግርማይ በርሀ ገብረሚካኤ (ሸካን)

ቀዳማይ ክፋል

12/24/2013

መእተዊ

እዚ ጽሑፍ'ዚ ፡ ነቶም ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝተወሰኑ ፡ ዘይሕጋውያንን ዘይፍትሓውያንን ተጸብኦታት ፡ ኣንጻር ኤርትራ ዘቕንዑ ክልተ እገዳታትን ካልኦት ብዝተፈላለየ መልካዓት ክቕርቡ ዝጸንሑን ዘለዉን ዘየቓርጹ ተንኮላትን ዝፈጥርዎ ሳዓቤናታትን ብዝበለጸ ክትዓት ክካየደሎም ንምትብባዕ ተባሂሉ ዝቐረበ ጽሑፍ እዩ ። እዞም ማዕቀባት እዚኣቶም ብመሰረቶም ብሓሶትን ብተንኮላትን ተኣሊሞም ፡ በቶም ግስጋሰን ሰላምን ኣብ ዞባና ዘይደልዩ ኣካላት ተቓሚሞም ፡ ዝተሰርሑ ብምዃኖም ሓቂ ክድፈን ስለዝተመርጸ እንተዘይኮይኑ ፡ ክሳብ ኣብዚ ጊዜ'ዚ ክይተላዕሉ ክጸንሑ ኣይንተገቡኡን ነይሮም ፡ ካብ መጀመርታኡ'ውን መሰረት ዝነበሮም ኣይኮኑን ።

ኮይኑ ግን እዞም ማዕቀባት እዚኣቶም እንታይ ንምዕዋት ከምተጻወዱ እቲ ዘሎ ክውንነት ብዝምስክሮ መርተዖታት'ውን ቐሪቦም ኣለዉ ። ከምይ እናበሉ መልክዖም እናቐያየሩ ክመጹ ከምዝጸንሑን ፡ ናይ ጸላእቲ መጻወድያታትን ንምቅዋም ዘሎና ሓላፍነትን ፡ ኣብ መንገ ንሕናን ንሳቶምን ዘሎ ተጋራጫውነትን እውን ክንድህስሶ ኢና። ኣድላይነት ናይ ሓባር ቃልሲ ኣንጻር ናይ ሓባር ተጻብኦ ብቐንዱ ናይ ህዝቢ ሓላፍነትን ረብሓን ምዃኑውን ሓሳባት ቀሪቦም ኣለዉ ።

***ሃገራውነት ከም መግለጺ መንነት*** ክረአን ንሃገራውነት ንምድካም ዝግበር ተጻብኦታት ክምከት ከምዝግባእን ኣብዚ ጽሑፍ'ዚ ቀሪቡ ኣሎ ። ማዕቀብ ብፍላይ ንኤርትራን ከም ኤርትራ ዝኣመሰላ ሃገራትን **ንዝያዳ ስደት ህዝቢ ንምዕባይን ሃገራዊ ወኒ ንምድኻምን** እንተዘይኮይኑ ዘምጽኦ መፍትሒ ከምዘይየለ ዘሎ ትዕዝብቲ ከቕርቦ ክፍትን እየ ።

**<u>ንሕናን ንሳቶምን ፡ ዘሎና ተጋራጫውነትን ፡ ክህልወና ዝግብኦ ሓላፍነትን</u>**

ንሕና ክብል እንከለኹ ፡ ሰላምን ግስጋሴን ንደሊ ህዝቢ ኤርትራን ናይ ዞባና ህዝብታትን ማለተይ እየ ። ንሳቶም ክብል እንከለኹ ከኣ ፡ ጸረ ሰላምን ግስጋሰን ዝኾኑ ሓይልታትን ከም መሳርሒ ኮይኖም ዘገልግሉ ዘለዉ ፡ በብጊዚኡ ዝተፈላለዩ ግብረ-ሸበራውያን ኣብ ዞባና ንክጫጭሑ (ንኽፍጠሩ) ክሰርሑ ዝጸንሑን ዘለዉን ሓይልታት ማለተይ እየ ።

ንኹሎም ዓይነት ወጽዓታት ነጺጉ ዝኸይድ ምስቲ ኣሜን እናበለ እናሰገደ ዝኸይድን ፡ ሕማቅ ከምዘሎ ዘይፈልጥ ጎይቶቱ ብዝበልዎ ስቅ ኢሉ ዝድብልን ፡ እቲ ዘይናቱ ዝደሊ ምስቲ ናቱ ዝደሊ፡ እቲ ዘማቲ ምስቲ ተዘማቲ ፡ እቲ ብጻዕሩ ስሪሑ ክነብር ዝደሊ ምስቲ ትካቦ ዝመርጽ ፡ እቲ ንፖሎቲካዊ ምሕደራኡ ባዕሉ ዝውስን ምስቲ እንታይ ከምዝገብር እናተነግረ ዝኸይድ፡ ብመሰረቱ ተጻራሪ ድሌትን ባህርን ዘለዎም ኣካላት ስለዝኾኑ ፡ ናይ ተጻረርቲ ኣካላት ቀጻሊ ቃልስታት ዘይተርፍ ይኸውን ። ካብ'ዚ ሓሊፉ ፡ **ውዮ ናጻ ኮይኑ ብሰላም ክነብር ዝደሊ ምስቲ ህውከተኛ በታኒ ፡ ክልቲኦም ኣካላት ብዘይጎንጽን ነውጽን ብሰላም ክነብሩ ዘይክእሉ ክንሶም ፡ ዘተኣማምን ሰላም ክፈጥሩ ኢልካ ምሕሳብ ገነታዊ ትምኒት ጥራይ እዩ** ። ነዚ ሓቂ'ዚ ፡ ጉዑዞታት ቃልስታት ህዝብታት ዓለምን ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን እውን እምስክሮን የድምቆን እዩ ። ስለዚ ተገራጫውነት ኣብ ድሌት፡ ኣጣማምታን ተጠቃምነትን ናይዞም ክልተ ኣካላት ከምዘሎ ብጉቡእ ምርዳእ የድሊ ።

ሕጊ እናዳባ ፡ ዝበደለ ይኸሓስ እዩ ዝብል ። ኣብ ባይቶ ዓዲኣቦና ኩቡራት ኣቦታትና ንዝበደለ መሊስካ በድል ክብሉ ሰሚዕና ኣይንፈልጥን ። ክንሰምዕውን ኣይንኽእልን ምኽንያቱ ኣብ ባይቶና ንዝበደለ ካሕስ እምበር መሊስካ በድል ስለ ዘይበሃልን፡ ባይቶና ብሞራላዊ ክብሪ ዘለዎም ኣቦታት ስለዝቀውምን ። ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ኮነ ካልኦት ዞባውያን ማሕበራት ግን፡ **ኣብ ብዙሕ ተግባራዊ ስራሓቶም** ካብ ባይቶና ዝተፈልዩ እዮም ። ከም ናይ ባይቶ ዓዲኣቦና ዝቑዶ ባህርያትን ባህልን የብሎምን ። ስለዝኾነ ንሕና ጥራይ ዘይኮናስ ፡ ባይቶ ዓዲ ኣቦና ከይተረፍውን ምስ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ዝጋራጮ ጠባይ እዩ ዘለዎ ። ንበዳሊ ካሕስ ዝብልን ንበዳሊ መሊስካ በድል ዝብልን ስለ ዘይሰማምዑን

**ብሕጊ ርኽቦ ብሕጊ ስኣኖ ብዝብሉ ኣባላት ዝቖመ ባይቶ ምስቲ ረብሓታት ናይ ውሑዳት ንምሕላው ዝተሰርሐ ባይቶ ሓደ ክኸውን ስለዘይክእል ፡ ሓደ-ሓደ ጊዜ ማዕዶ ንማዕዶ ተረሓሒቕና ክንከይድ ግድን እዩ ። ባይቶ ናይ ውሑዳት ብኹሉ ሸነኻቱ ንብዙሓት ብማዕረ ከገልግል ምሕሳብ ነቲ ዘሎ ተጋራጫውነት ክትጥምቶ ዘይምድላይ ስለዝኾነ።**

ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ካባና ዝረሓሓቀሉ ምኽንያት ስለምንታይ ምዃኑ ተረዲኢና ፡ እቶም ኣብኡ "ዓለማዊ ሕጊ" ክም ዘኽብሩ መሲሎም ዝራኣዩ ፡ ስለዝተኣከቡ ክምዝሰርሑ ክንወስዶም የብልናን ። ገሊኦም ካባና ንላዕሊ ጸገም ክም ዘለዎም ፈሊጥና ቃልስና ከነሕይልን ፡ ንሓቂ ከነቃልሕን ክንዕጠቕ ይግባእ ። ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ብተግባር ንኹሉ ኣባል ብማዕረ ከገልግል ዝቖመ ትካል ኣይኮነን ። እንተዝኸውን ነይሩ ፍሉያት ሃገራት ፍሉይ ስልጣን ክህልወን ኣይምተገበአንን ። ኮይኑ ግን ነዚ ንምሉእ ዞባና ዝሕምስ ዘሎ ሓዊ ፡ እቶም ቀንዲ ኣጎድትን ኣሳወርትን ውሑዳት ምስዚ ዝበዝሐ ህዝቢ ተሰሪጎም ዝነብሩ ዘለዉ ምዃኖም ክንግንዘቦ ይግባእ ። ብዓለም ደረጃ ይኹን ብነፍሲ ወከፍ ሃገር እቲ ዝሓየለ ሓይሊ ፡ ህዝቢ ምኻኑ ርዱእ እዩ ። እቲ ዘጋጥም ዘሎ ጸገማት ህዝቢ ክዕጠቀሉ ምስ ዝኽእልን ኣዕነወቲ ኣካላት ብፖሎቲካዊ ብቅዓታት ናይ ተቓለስቲ ካብ ህዝቢ ምስዝንጸሉን ጥራይ እዩ ህዝባዊ ዓወት ክርከብ ዝኽእል ። ስለዚ እዚ ብኣህጉራያን ይኹን ብዞባውያን ማሕበራትን ካልኦት ኣዕነውቲ ሓይልታት ዘጋጥም ዘሎ ጸገማት ንህዝቢ ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ ንኹሎም ሰላም ዝደልዩ ናይ ዞባና ህዝብታት ክምዝሃስን ፡ መመሊሱ ነንሕድሕዶም ዝጋራጨዉ ጉጅለታትን ሓይልታትን ክጫጭሑ ክምዝገብርን ምስኡ ተታሓሒዙ ናይ ግብረ-ሸበራውያን ተርእዮታት ክም ዝሕይልን ተገንዘቦ ክግበረሉ የድሊ ።

ረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ናይ ዞባና ረብሓታት ፈሊኻ ክም ዘይረአን ዘጋጥሙ ዘለዉ ተጻብኦታት ከኣ ብመሰረቶም ረብሓታት ናይ ዞቦና ዘይሕልዉ ፡ ናይ’ቲ ብተንኾላት ዝተፋሕሰ ፡ ብፍላይ ኣብ ነዊሕ ጉዑዞ ፡ ከባቢና ሰላም ረኺቡ ንቕድሚት ከይግስግስ ዝዕንቅፍ ፡ ናይ ኣዕነውቲ ሓይልታት **ዓማጺ እስትራተጂ** ንምዕዋት መንገድታት ዘጣጥሕ ስለዝኾነ ፡ ንኤርትራውያን ጥራይ ዝምልከት ጸገም ጌርካ ክረአ የብሉን ። በዚ መሰረት ናይ ኩሎም ህዝብታት ዞባና ሕቡር ቃልሲ ዝሓትት ጉዳይ ስለዝኾነ

፡ ኩሎም ደለይቲ ሰላም እጃሞም ከበርከቱ ፡ ንሰላም ተዓጢቆም ክሰርሑ ፡ ድልዱል ናይ ሓባር ግንባር ክህንድሱ ኣድላዪ ይኾውን ።

## *ማዕቀብ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ፡ ዕላማኡን ክቅጽል ዝጸንሐ ተንኮላትን*

ማዕቀብ ፡ ንኤርትራ ብቑጠባዊ ፡ ብወተሃደራዊ ፡ ብፖሎቲካውን ዲፕሎማስያውን መዳያት ኣዳኺምካ ፡ ጸላእትና ወራራት ንኸካይዱ ጥጡሕ ዕድል ንምኽፋት ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንምድፋርን ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንምብላልን ጥራይ ዘይኮነ ፡ **እገዳ ንኤርትራ ምስቲ ንዞባና ኣብ ነዊሕ ጉዑዞ ዝሕምስን ሰላም ዘይህብን ትሕዝቶ ዘለዎም ተንኮላት ዝትኣሳሰሩ ምዃኖም'ውን ክንጽር እግባእ ። ኣብ ከባቢና እንተተዓዘብና ፡ ሰላም ረኺባ እትኸይድ ሃገር የላን ። ዋላ ነተን ዝዋጥዩለን ብብልዮናት ዶላር ዝሕግዝወን (ከም ኢትዮጵያ ፡ ደቡብ ሱዳን ፡ ከንያ ..) ዝኣመሰላ ሃገራት ህዝበን ብሰላም ብሓድነት ከንብር ዘኽእል ውሕስነት የብለንን ። ናይ ሃገራት ህልውና እናተቀያየረን ፡ ብቀሊሉ ክጠፍእ ዘይክእል ሓዊ እውን እናተኣጉደን ክኸይድ ንሪአ ኣሎና ። ብዓቕሚ ሃገራውያን ዝህነጽ ንሃገራውያን ዘዐንግል ቑጠባዊ ትካላት ብዙሕ የለን ። እተን ሃገራት ናይ ሃገራውያን ይኾና የለዋን ።** በብጊዚኡ እናተባረዐ ህዝቢ ክናቑት ዝኽእል ግርጭታት እንተዘይኮይኑ ሓድነት ህዝቢ ዝሕሉን ብሰላም ባሓባር ከንብር ዝኽእል ፖሎቲካዊ ሂወት ይኹን ባህላዊ ትካላት ይምዕብል የሎን ።

**ህዝብታት ከባቢና ፡ ኣብ ሃገሮም ከንብሮም ዘኽእሎም ዝነበረ ሓያል ሃገራዊ ክብርታት እናደኸመ ይኸይድ ኣሎ ። በዚ መሰረት ስለዘይቃላሕ ዱኣሉ እምበር ህዝቢ ካብ ከባቢና ብብዝሒ እቲ ዘባ እናገደፎ ናብ ስደት የቕንዕ ኣሎ ።  ድሮ ብዙሓት ስድራቤታት ጠቅሊለን መበቖላዊ ዓደን ገዲፈን ንስደት ዝኸዳን ኣብ ስደት ተጣይሰን ይነብራ ከምዘለዋ ምዕዛብ ዘሸግር ኣይኮነን።** ካብ ብዙሓት ሃገራት እውን ፡ ተማሂሮም ሃገሮም ከገልግሉ እምንቶ ተገይሮሎም ፡ ንወጻኢ ንዝላዓለ ትምህርቲ ዝተሰዱ ብዝኸድዎ ይተርፉ ኣለዉ ። ህዝብታት ከባቢና ዓዲ ገዲፎም ንምጻእ ዝጸገሞም እንተዘይ ኮይኖም ክንደይ ካብ ሚኢቲ ዶኾን ይኾኑ ነፈርቲ ቀሪብካ ፡ ያላ ንኣመሪካ ፡ ንኤውሮጳ ፡ ንኣውስራልያ ... ተበገስ ተባሂሉ

፡ ብድሌቱ ኣይፋለይን ኣይስደድን መሬቱይ ገዲፈ ኣይከይድን ብምባል ንስደት ዝሕሰም? ክንድይ ንተረፈ ክንደይ ሃገሩ ገዲፉ ንተሰደ ? **በዚ መሰረት እቲ ዞባ ንመን ከኾውን ከምዝድለ እናነጸረ ይኸይድ ኣሎ ።**

እዚ ብግዳማዊ መልከዓቱ ክትሪኦ ኮለኻ ፡ ናይ ቑጠባዊ ናብራ ሕሰምን ምስኡ ዝተኣሳሰር ምምሕዳራዊ ጉዳያትን ዝፈጠሮ ዘሎ ጸገም እዩ ክንብል ንኽእል ኢና ። ኮይኑ ግን ሃገራት ብመገደን ሃገረን ከይሃንጻን ዘለወን ጸገማት ከይፈትሓን መን እዩ ጸገም ዝኾውን ዘሎ ? ህዝቢ ብመገዲ ከይማሓደር መን'ዩ ጸገም ዝኾውን ዘሎ? ኣየነቲ ሃገር ኣላ ህዝባ ብናጻ ከተማሕድርን ጸጋታት ሃገራ ክትጥቀመሉ ዝተገድፈት? ጎንጽታት ነባሪ ዝኾኑ መፍትሕታት ከይግበረሎምን ፡ ዋላ እውን ብናይ "ዓለም ቤት ፍርዲ" ብይን ዝተዋህቦ ከይተረፈ ከይትግበር ዝዕንቅፉ ዘለዉ ሓይልታት ባዓል መን እዮም? ንምንታይ ዕላማ?

ኣብዚ ጊዜ'ዚ ንዝኾነ ናይ ኣፍሪቃ መንግስቲ ፡ መሊስካ ቑጠባዊ ጸገም ተፈጢርካሉ ህዝቢ ናዕቢ ክፈጥር ይኽእል እዩ ዝብል ኣተሓሳስባ ፡ ንህልዊ ዓለማዊ ኩነታት ዘይምርዳእ ፖሎቲካዊ ድኽነት ኮይኑ ብቀጥታ ሃገራውነት ዘዳኽምን ንስደት መደንፍዒ መሳርሕን እዩ ። ኣብዚ ጊዜ'ዚ ህዝቢ ዓብዪ ናይ ስደት ምርጫታት ኣለዎም ። ናይ ዝሓለፉን ናይ ሕጅን ስደታት ሓደ ኣይኮኑን ። ኣብዚ ጊዜ ህዝቢ ኣብ ሓደ ሃገር ተዓጽዩ ኣይኮነን ዝነብር ዘሎ ።

ካብዚ ሓሊፉ ፡ ሃገራውነት ብኽለተ ካልእ መንገድታት'ውን ይውቃዕ ኣሎ ። **ብታሕቲ** ፡ **ብትሕተ ሃገራውነት** ( ቀቢላነት ፡ ዓሌትነት ፡ ኣውራጃነት ፡ እንዳነት ..) እዚ ጉዳይ'ዚ ዋላ ናብ ስደት ተጓሪቱ ሃገራውነት ዘዳኽም ዘሎ ሕማም እዩ ። **ብላዕሊ ከኣ ብጉሎባውነት** ። ጉሎባውነት ምዕባለ ሕብረተ ሰብ ዝፈጠሮ ዘይዕገት ጉዳይ እኳ እንተኾነ ፡ ብኣገባብ እንተዘይተታሒዙ ንዝያዳ ሓይሊ ገንዘብን ንብረትን ንዘለዎም ውሑዳት ሃገራውያን ይኹኑ ባዕዳውያን ዕድል ፈጢሩ ፡ ኩሉ ቑጠባውን ካልእ ጉዳያት ሃገርን ብውሑዳት ከምዝባሓት ስለዝገብር ፡ ሃገራውያን ኣብ ሃገሮም ዘለዎም ተጠቃምነት ስለዘንእስ ሃገራዊ ፍቅርን ተወፋይነትን ከምዘድኽም ብተግባር ክረኣ ዝጸንሐን ዝረኣ ዘሎን ጉዳይ እዩ ።

በዚ መሰረት'ዚ ከኣ ኩልና ኤርትራውያን ፡ እዚ ማዕቀብ እዚ ኮነ ፡ ካልኦት ዘየቋርጹ ተጻብኦታት ፡ ንናይ ካልኦት ረብሓታት ንምሕላው ዝተዋደዱ ተንኮላት ምዃኖም ተረዲእና ብሃገራዊ ሓላፍነት ክንጥምቶም ዝግባኣና ጉዳያት ምዃኖም ብጥንቃቀ ክንሪኦም ይግባእ ። ከምኡውን እዚ ማዕቀብ እዚ ፡ መቐጸልታን መለቀብታን ናይቲ ነዊሕ መዋእል ዝሓዘ ፡ **ተጻብኦ** ንህላው **ኤርትራዊ መንነትን ሃገርን** ምዃኑ ፡ ዋላ እኳ ታሪኽ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ንዝፈልጡን ክፈልጡ ንዝደልዩን ኣካላት ፡ ምስጢር እንተዘይኮነ ፡ ንዝሓለፉ ዘዘኻኽሩ ታሪኻውያን ፍጻሜታት ኣታሓሒዝና ምጥማት ኣድላይ ይኸውን ። እዚ ተጻብኦ እዚ ካብ ፍሉይ ንኡስ ተርእዮ ከምቲ ብናይ ጸላእትና ሚድያ ዝቓላሕ ጥራሕ ዝተፈጥረ ዘይኮነስ ፡ ዓሚቑ ሱር ዘለዎ፡ ብመሰርቱ ምስ መሰል ምንባር ህዝብታት ዝጋራጮ ዕላማ እዩ ። ንሕና ኤርትራውያን ብፍላይ ብባይቶ ሕቡራት ሃገራት ዝተበደልና ህዝቢ ኢና ። ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ጸገም ክፈጥር እንተዘይኮኑ ፡ ዝረአ ንህዝቢ ኤርትራ ሓጋዚ ኣበርክቶ ዝገበረ ውድብ ኣይኮነን ።

እዚ ባይቶ እዚ (ባይቶ ሕቡራት ሃገራት) ፡ ንፍሉያት ሓያላት ሃገራዊ ረብሓታት ንምሕላው ካብ ዝብል ዕላማ ፡ ንኤርትራ ብ 1950 ዓ.ም ምስ ኢትዮጵያ ከምትቁረን ገበረ ። ብሰንኪ'ዚ ዘይቁኑዕ ብይን፡ ዝፈጠሮ መግዛእታዊ ሕሰም ፡ ን30 ዓመታት ደማዊ ብረታዊ ቃልሲ ተኻይዱ፡ መለክዒ ዘይርከቦ ዋጋ ተኸፊሉ። ኣብ መጨረሻ ፡ ኣብ መንጎ ገዛእትን ተገዛእትን ዝነበረ ዝምድና ብደም ጀጋኑ ኤርትራውያን ተሰይሩን ተበቲኹን ። ህዝቢ ኤርትራ ናጽነቱ ረኺቡ ። እንደገና ህዝቢ ኤርትራ እግሪ ከይተኸለ ፡ ሕጂ እያ ዕድል ዘላትና ብምባል ምእዙዛት ጎሮባብቲ ፡ ሕቶ ዶብ ኣሳቢቦም መሬትና ክዘምቱን ክምንዝዑን ዳግማይ ፈቲኖም ። "መሬትካ ክዝመት ዓይንኻ ዶ እዕመት" ካብ ዝብል ሃገራዊ ወኒ፡ ህዝቢ ንምክልኻል ዓደ'ቦ ከቲቱ ። ህዝቢ ኤርትራ ብሕጊ ንዝመጾ ብሕጊ ፡ ብኲናት ንዝመጾ ከኣ ብኲናት ክገጥሞ ተገዲዱ ። እንደገና ኩቡር ዋጋ እውን ከፊሉ ።

ናይ ቀዳማይ ኮነ ናይ ዳሕረዋን ዕንወታት ተሓታቲ በዓል መን እዮም ? ህዝብና ንዝተበደለሉ ብይን ዝህብ ቤት ፍርዲ ይርከብ ዶ ? ወይስ እተማልአ ዓቕምን ሓይልን ምስ ኣጥሬኻ፡ ጥራይ እዩ ዕድል ተረኺቡ ተሰማዕነት ትረክብ ? ኣንጻር ህዝቢ ኤርትራ ወራራት ንዘካይዱ ፡ ኣጽዋር

ንዘዓጠቁ ፡ ስንቂ ብቀጥታን ብመልኽዕ ረዲኤትን ንወራሪ ሓይሊ ዘስነቁ፡ ደሞዝ ሰራዊት ዝኸፈሉ ፡ ዘሰልጥኑ፡ ዘማኽሩን በዓል መን ነበሩ ? በዓል መን እዩም ንዘይቅዱስ ዕላማ ፡ ንጥፍኣት ዓይኖም ሰለም ከየበሉ ዝሰርሑ፡ ብግብረ-ሽበራዊ ስርሓቶም ኣብ ቅድሚ ሕጊ ቀሪቦም ክሕተቱ ዝግበኦም ?

ዘላቶ ተኻፊሉ ተዓንጊሉ ዝሓደር ህዝቢ ምስ'ቲ ብሕትወና ዝለመደ ጎባጢ፡ እቲ ናይ ብዙሓት ረብሓታት ቀዳምነት ዝህብ ምስ'ቲ ናይ ውሑዳት ረብሓታት ዘቅድም ፡ እቲ ብጾዕሩ ሰሪሑ ብሰላም ክነብር ዝደሊ ህዝቢ ምስ'ቲ ግዝኣቱ / ስውር መግዛእቱ ከስፋሕፍሕ ዝደሊ ሓይሊ ...... ፡ ብብዙሕ መንገድታት ሰኒት ክርከብ ዝኽእል ኣይኮነን ። ንኡስ ሓይሊ እዩ ተባሂሉ እውን ኣይተናዕቀን ፡ ናጽነት ረኺቡ ብመንገዱ ዓዱ ክሃንጽ ኣይተደልየን ። ብባህላዊ ኣቃውማ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ጠሚቕካ እውን ተሓጋጊዝካ ምንባር ዝብል ክብር ባህሊ ከምዘለዎ ኣይተራእየን ። ስለዝኾነ ብዙሕ ተጻብኦታት ፈቲኖም ኣይሰርሓሎምን ። ብኻልእ ዓይነት ተጻብኦ ፡ ብሞኽቀብ ከወቕዕ ምርጫኦም ገበሩ ። ቀጻሊ ስነ-ኣእምሮኣዊ ኲናት ከኣ ዊሒዙ ኣይተጻዕደን ግን ።

ኣብ ታሕሳስ 5,2009 ዓ.ም. ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ብ1907 ዝፍለጥ ዘይፍትሓውን ዘይሕጋውን ቀዳማይ ወሳነ፡ መካልኻሊ ብቐዓትና ንምድኻም ናይ ኣጽዋር ሞቕቀብ ተገብረ ። ድሕሪ ክልተ ዓመታት እንደገና ኣብ ታሕሳስ 23, 2011፡ ብ2031 ዝፍለጥ ተወሳኺ ወሳነ፡ ኣብ ቑጠባ ሃገር ዝቀንዐ ሞቕቀብ ኣኸረሩ ።

እዘን ክልተ እገዳታት ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ፡ ካብ ዝኣረገ ናብ ሓድሽ ዓመት ኣብ እንሰጋገረሉ እዋን እየን ተወሲደን ። ብባህልና ፡ ርሑስ ሓድሽ ዓመት ይግበረልና ኢልና ብሓድሽ መንፈስ ንብጽሰሉ ጊዜ እዩ ። ዋላ ናይ ጊዜ ምርጫኦም ኣንጻር ጠቕላላ ህዝቢ ኤርትራ ዘቅንዐ ሓያል ስነ-ኣእምሮዊ ኲናት ትሕዝቶ ዘለዎም ምኻኖም ክንዝንግዕ ኣይግባእን ። ነቲ ባህላዊ ሰረታትና ኣጽኒዖም ይገብርዎ ከምዘለዉ እውን ክንፈልጥ እግባእ ።

ይቕጽል